
# ለካቲት.....ወርሓዊ ድራር ህዝባዊ መኸተ!




ለካቲት 25 ዝተወደበ ወርሓዊ ድራር ህዝባዊ መኸተ፡ በቶም ወነንቲ ኩለ-መዳያዊ ቅያታት ዝኾኑ "ጋንታ ዋርሳይ" እዩ ተዳልዩ። ቓሎም ዝበሎ ግሁድ፡ ኢዶም ዘንበርሉ ስሉጥ፡ ኣእጋሮም ዝረገጸ ልሙዕ፡ ስለ ዝኾነ ድማ እቲ ዘዳለውዎ ምሸት፡ ዝያዳ ብርሃንን ድምቀትን ዝዓሰሎ ምትእኽኻብ ክኸውን ኣቐዲሙ ትሑዝ'ዩ ኔሩ። ነቲ መደብ ብሃንቀውታ ዝተጸበይዎ ሰብ መኸተ ድማ ርውየቶም ልዕሊ'ቲ ትጽቢቶም ምንባሩ ብጋህዲ ተራእዩ፡፡



ጋንታ ዋርሳይ

እዚ ኣብ ወወርሒ ዝዳሎ ዘሎ ናይ ምትሕቝቛፍ ድራራት መኸተ፡ ብማዕዶ ንዝሰምዖ፡ ውሱን ኣብ ድራራን ምዝንጋዕን ዝተሓጽረ ምትእኽኻብ እመስል እኸውን፤ ብግብሪ እናተረጋገጸ ከም ዝመጸ ግን፡ እዚ ምትእኽኻብ እዚ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብትሕዝትኡ እናሃብተመ ብዓቐኑ እናዓበየ ዝቕጽል ዘሎ ኮይኑ፡ ንዕብየቱ

ዘረጋግጹ፡ ዝተፈላለዩ መሃሪ መልእኽትታት፡ ስነ-ጥበባዊን ባህላዊን መደባት ዝሓቖፈ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ኣብ መንጎ ዜጋታትና ዝፈጥሮ ዘሎ ቅድዊ ሕውነታዊ ባይታ፡ መግለጺ ልዑል ሃገራዊ ፍቕሪ፡ መርኣያ ቀጻልነት መኸትኡን እምቢትኡን ነቲ ዘይፍትሓውን ዓማጽን እገዳ…ኾይኑ ማዕረ እቶም ዓበይቲ መደባትና ዘመሓላልፍዎ መልእኽቲን ኣበርክቶን ዝህብ ዘሎ ኣድማዒ መደብ፡መደብ ደቂ ሓደ ልቢ ኮይኑ'ሎ።



## ምርኢት ሕጻውነቲ፡ "ዘይነጽፍ ንያት"

እዚ ኣብ ወርሒ ለካቲት ዝተዳለወ ድራር ንኣብነት፡ ኣብ ኣሰር ስነ-ጥበብ ዝታተዩ ዘለዉ ሕጻናት ናይ'ዚ ከባቢና፡(ብኣልያ ሓብታና ኣልማዝ ኣማኑኤል) ንተዓዘብቲ ዝመሰጠት፡ ንቅያታት ዋርሳይ እተንጸባርቕ "ዘይነጽፍ ንያት" ዘርአስታ ሓጻር ምርኢት፡ ኣቕሪቦም። ስዒቡ ብምክትታል፡ መግለጺ ናይ'ቶም ሰብ ወነንቲ ታሪኽ ዋርሳይ..ርእይቶታትን ግጥምታትን፡ መተባብዒ ቃል፡ ብኣቶ ብርሃነ ገብሪሂወት ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ተዋሂቡ። እቲ ዝተረፈ ክፋል ናይ'ቲ ምሸት ትልሂት ሳዕስዒትን ናይ ድራር እንግዶትን ኮይኑ፡ ነቲ ምሸት ድራር ዝወፈዩ ቤተ-ሰብ፡ ቤት መግቢ ኣምባሳደር ክኾኑ እንከለዉ፤ እቲ ከም ባህሊ ተኣታትዩ ዝጸንሐ፡ እናደመቐ ዝኸይድ ዘሎ ውፍይነት፡ ብትሕዝትኡ ብርኩት፡ ብዓይነቱ ብሉጽን ምኡዝን፡ ዝተፈላለየ መግቢታት፡ ሸውሃቱ ንእተዓጽወ ሰብ፡ ሸውሃት ዝኸፍት ጣዕመ-ላዛ ዘለዎ ውሕሉል ትሕዘቶ፡ ንተሳተፍቲ ኣቕሪቦም፡ ኣዴታት መኸተ'ውን ስዋን መግብን ብምውሳኽ ከም ወትሩ ተርኣን ዝዓዘዘ፡ ልግሰን ዝበረኸ ኔሩ፡፡ ኩሉ ነቲ ድራር ዘስተማቐረ ድማ ዕግበቱ ገሊጹ። ዕግበት እሃብኩም ድማ ኢሉ። ካብኡ ናብ መደብ ምዝንጋዕን ትልሂትን ብምቕጻል ምውቕ ምሸት ሓሊፉ።

ንወኒ ናይ'ቲ ምሸት ዝያዳ ጓህሪ ዝቕስቅስ ዘሐብን ዝኽርታት፡ እቲ ኣብ ተፈላለየ እዋን ኣብ ጉዕዞ ሰውራና፡ ኣብ'ዛ ወርሒ እዚኣ፡ ወርሒ ለካቲት እተፈጸሙ፡ ዝኽርታት ሕሉፍ ዓበይቲ ቅያታት፡ መስተንክራዊ ፍጻሜታትን፡ ከም እኒ ስርሒት

ፈንቅል ምሕራር ወደባዊት ከተማና ምጽዋዕ፡ ምፍሻልን ምስዓርን፡ እቲ “ቀይ-ከኮብ” ዝብል ቅጽል ስም እተለጠፎ፡ ናይ 1981፡ ብመርዛም ጋዝ እተሰነየ፡ ሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምድምሳስ ኢሉ፡ ደርጊ ዘንቀሎ ሻዱሻይ ወራር፡ ዓለም እናተኻታተሎ ኣብ ዕርድታት ጅግንነት ናብ ሓሙኸሸቲ ዝተቐየረ ወራር፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት እዩ ተፈጺሙ፤ እቲ ምህሮ ዘይስቀሮ፡ ፍሽለታት ቀዳሞት ኣያታቱን ኣቦታቱን፡ ከም ዘለዎ ቀዲሑ ዝደግም ወያነ እውን፡ ነቲ ናይ ርእሰ-ቅትለት ጎባጢ ወራሩ፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት እዩ ብግንባር ጾሮና ፈተነታት ኣካይዱ፡ ብተመሳሳሊ ጅግንነት ዋርሳይ ተጨፍሊቑ ድማ በርዒኑ። ቅድሚ ክልተ ዓመት፡ ወርሒ ለካቲት፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን፤ ብውሁድ ድምጺ፡ ኣንጻር እቲ ዘይፍትሓውን ዓማጽን ውሳኔ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ዘሰላስልዎ ታሪኻዊ ሰላማዊ ሰልፊ ዝኸርታት፤ እዝን ወድ'ዝን ዘሔብን ጦብላሕታታትን እምብኣር'ዩ ነቲ ወኒ ተሳተፍቲ ዝያዳ ጣዕመ-ወኒ ዝፈጠረ፡ ነቲ ምሸት ኸኣ ዝኾልዐ።



ኣብ ግጽ ዝንበብ ፍስሃ !

ንመጻኢ ኣብ ከም'ዚ ተናፋቒ፡ ህይወታዊ ድራር መኸተ፡ ቁም-ነገራዊ ምትሕቝቛፍ ምሸት ክሳብ ንራኸብ ብድሓን የጽንሓና። መጻኢ መደብና ድማ ኣብ'ታ ድምጽኹም ድምጺ ኤርትራ ዝኾነት፡ ንሓበሬታ ተኸታተሉ። ከም'ኡ እውን ኣብ'ቲ ቤትኩም ዝኾነ መዛናግዒ ማእከል ኢሲሲሲ፡ ፈገግትኡ ብዘይ ብቂ ንዓኹም እብል። ንኹሉ ተሳታፊ፡ ነቲ ዕዉት ምሸት ክውንን ውጽኢታውን ዝገበሩ፡ ብሓባር ሃገራዊ ምስጋና ይብጽሓዮም።

ዓወት ንሓፋሽ!
መኸተና ክዕወት'ዩ!!
ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፡ ዋሽንግቶንን ከባቢኣን።